# ሕምባበ ለውጢ ኢትዮጵያ፡

## ንድፍኢት " መዝሙር ሰላም " ምስ ኤርትራ

መርገጽየይ ንጭርሖ " መዝሙር ሰላም " ኤርትራን ኢትዮጵያን

ካብ ኣዲስ ኣበባ - ኢትዮጵያ - እንገሶም ኢሳቕ

" ካብ ወራር ዝያድ ባረ ናይ ሶማል ዘድሓነትና ናይ ቀደም ሕብረት ሶቬት'ያ። መንግስቱ ሃይለማርያም ምስ ማርክሳዊት ራሻ ብምውጋኑ ዝተቐየሙ ኣመሪካውያን ግን፡ ንኢትዮጵያ ጸላኢት ቆጺሮማ። መርዘም ኣይገደፈናን. . ኤርትራ ተነጺላ ! ከይዳ ! እዚ ሕጂ ንኢትዮጵያ ገጢምዋ ዘሎ ከቢድ ሓደጋን ቅልውላው ከኣ ኣመሪካውያን ዝፈጠርዎን ዘወዓውዕዎን'ዩ. . . . . . "

ፕሮፌሰር መስፍን ወልደማርያም ምስ ድምጺ ኣመርካ ፈነወ ኣምሓርኛ

" ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ( ኤርትራዊ ሰብነት ) ኣብ ጽልኢ ኢትዮጵያን ህዝባን'ዩ ተመስሪቱ ዝኸስከሰ ዘሎ. . . . . . "

Zami 90.7 FM ፈነወ ራድዮ ኢትዮ/ ኣዲስ ኣበባ

" ንሕና ጠበቓታት ናይ ኢትዮጵያ ሃገርነት ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና፡ ንሓና ጠበቓታት ናይ ትግርይ ኢና። ሰለሙናውያን ነገስታትን ወረስቶምን ግን. . . ንቅርስታት ትግራይ. . . . እደልይዎ'ዮም፡ መጠራን ኣዱሊስን'ኳ ኣረበኪቦምም ኣለዉ. . ( እቲ ምርካብ ንኤርትራ'ዩ ). . . ክሳብ መዓስ'ዩ እን ድኣዒ ኣይፈልጥን'ምበር . . "

ትግራዋይ ኢትዮጵያዊ መምህር ገብረኪዳን ደስታ

" ኤርትራውያን ብሄረ ትግርኛ፡ ምስ ትግራዎት ኢትዮጵያ ዘይኮነ'ስ፡ ምስ'ቶም ካልኦት ብሄራት ኤርትራ'ዩ፡ ዝያዳ ጥቡቕ ሕውነቶም። ኣብ ቃልሲ ንናጽነት'ውን ኤርትራውያን ብሄረ ትግርኛ፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ( ሰብነት ) እዮም ተቓሊሶም፡ እምበር ከም ወያነ ትግራይ ንሓደ ብሄር ኢሎም ኣይተጋደሉን። ከም'ቲ ብቅልውላው መንነት ትግራይ ትግርኚ ብምባል ተጋሩ ኢትዮጵያውያን ዝልፍልፍዎ፡ እንተ ዝኸውን ከኣ፣ ድሕሪ ውድቀት ደርግ ኤርትራውያን ብሄረ ትግርኛ ምስ ተጋሩ ኢትዮጵያ ሓቢሮም ሃገር ክምስርቱ ዝዓግቶም ወላ ሓደ'ኳ ኣይነበረን። ብመሰረቱ ግን. . . . . ዋላ'ውን ካብ ቅድመ መግዛእታዊ ዶብ ጀሚሩ፡ ኤርትራውያን ብሄረ ትግርኛ፡ ምስ ትግራዎት ኢትዮጵያ፡ ናይ ቋንቋ ምምስሳል እንተ ዘይኮይኑ፣ ካልእ ዘራኽብ ዓሚቕ ባህላዊ ይኹን መንነታዊ ምትእስሳር የብሎምን . . . " " ይህ መረብ የተባለው ወንዝ ባህረ ነጋሽ እና ትግራይን የሚለያይ ድንበር ነው" "Here; this river, the Mareb, separates the country of the Bahar Nagash from that of Tigray" ( Francisco Alvarez al et , P. 91, 1540)

ኣምሓራይ ኢትዮጵያዊ ጸሓፊ/ት ዓንቀጽ ሾሮኒካ መላኩ

" ንሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ክብሃል፡ ክሳብ ወደብ ዓሰብ፡ ናይ ሓባር ዋንነት ክልቲኦን ሃገራት ክኾውን ፍቓደኛ'የ. . . . "

ጋዜጣ ሪፖርተር. . . ሕታም ኣምሓርኛ

ሓደ ስሙ ክጥቀስ ዘይደለየ ካብ ኤርትራውያን ተሳተፍቲ " መዝሙር ሰላም " ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢልዎ ኢሉ ዝጽሓፎ። ኣብ ገለ ገጻት ፍይስ ቡክ ግን፡ እቲ ከምኡ ዝበለ ኣቶ ሕሩይ ተድላ ባይሩ እዩ ዝብል ጽንጽንታት ተቐላቒሉ ኣሎ።

" ዓሰብ ፈጺሙ ግዝኣት ኤርትራ ኣይኮነን ኣይነበረን'ውን። ኣብ ኢትዮጵያ ክካለል ክተርፍ ነይርዎ። ዝሓተሉ ግን ኣይተረኽበን"

ኢትዮጵያዊ ዶክተር ያዕቆብ ሃይለማሪያም፡

" ጉዳይ ወደብ. . . . ንኢትዮጵያ ጉዳይ መመላለሲ ኰንተይነራት ኣይኮነ። ጉዳይ ሃገራዊ ድሕነት'ዩ። "

ኢትዮጵያዊ ፕሮፌሰር መድሃኔ ታደሰ

( ሓደ ካብ ኣቕረብቲ ወረቐት ዘተ " መዝሙር ሰላም " ኣዲስ ኣበባ )

ሰላም. . . .

መኽንያት መጽሓፍየይ. . . . “ መዝሙር ሰላም ” ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ፡ ጭርሕኡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ፡ ዝቃላሕ ዘሎ ኣርእስተ ጉዳይ'ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ነብሲ ወከፍ መዓልቲ፡ መጠረስትኡ ዘይእንፍት፣ ንእሽቶ ተስፋ ዓቢ ሓደጋ ዝተፈራረቖ፡ ሕምባበ ለውጢ ኣሎ። ነዚ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፈይ፡ ኣብ ምውዳእን ቅድሚ ምዝርገሐይ፡ ንሓፋሻዊ ሓሳባቱን ግድፈታት ቃላቱን፡ ንገለ ናይ ሓሳብ መሻርኽተይ ክልእከሎም ክብል'ኹ እንሆ. . . ሎሚ ምሸት ቀዳማይ ምኒስተር ኢትዮጵያ፡ ሃይለማርያም ደሳላኝ፡ ስልጣን ናይ ምልቃቕ ሕቶ ከም ዘቕረበ ሰሚዐ። ኢትዮጵያ. . . ክብድኻ ሓቝፍካ ኣብየት ኣብየት ከም ዝብሃሎ፡ ከቢድ ጥንሲ፡ ኣብ ቅልውላው ለይቲ ሓራሳት'ያ ዘላ። እንተኾነ ኣብ ውሽጢ'ዚ ናይ ኢትዮጵያ ዓቢ ዘቤታዊ ቅልውላውን ሕምባበ ማዕባላቱን ከመይ ከም ዝተኣናገድ፡ ምግማቱ ዘሸገረኒ፡ ንዓና ንኤርትራውያን ከኣ ጻውዒት ቀሪቡልና ኣሎ። ጻውዒት “ መዝሙር ሰላም “ ንኤርትራ ኢትዮጵያን ካብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ።

ስለ'ዚ ድማ'የ፡ መርገጽየይ ከነጽር ደልየ።

ስለምንታይ ? ንሰላም ምዝማር ድኣ እንታይ መርገጺ ከተነጽር ዝድርኽ ግዴታ ኣለዎ ? ዝብሉ ባህርያዊ ሕቶታት፡ ቅጽበት ኣብ ሓንጎል ኵሉ ኣንባብይ እዚ ጽሑፍ ከም ዝልዓሉ እፈልጥ'የ። እቲ ምናልባት ካልኣይ ክልዓል ዝኽእል ሕቶ ድማ፡ “ ንምኳኑ ንስኻ መን'ኻ ? መርገጺኻ ኣብ ጭርሖ “ መዝሙር ሰላም “ ካብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ፡ ኣነጺርካ ኣየአነጺርካ እንታይ ጽልዋ ኣለካ ? “ ዝብል፣ ክኸውን ከም ዝኽእል እግምት።

መልሰይ በዛ ዳሕረይቲ ሕቶ ክጅምር።

ጨራሕቲ “ መዝሙር ሰላም “ ካብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ፡ ድርኺት ተበግሶኦም ኣብ ዘነጸርሉ፡ ቀዳማይ መስመር ጽሕፎም ገሊጸሞ ከም ዘለዉ፡ ጻውዒቶም ን “ መዝሙር ሰላም “ ህዝቢ፡ ምስ ህዝቢ'ዩ።

ምኽንያት ድሪኺቶም ከኣ፡ ክልቲኦም መንግስታት፡ ማለት መንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ኢትዮጵያን፡ “ ውዕል ኣልጀርስ ብዘይ ቅድመ ኵነት ይተግበር። “ ብወገን ኤርትራ፣ “ ኣይፋልን ቅድም ተራኺብና ንዛተ “ ዝብል ቅድመ ኵነት ከኣ ብወገን ኢትዮጵያ ሒዞም፣ ኣብ መመርገጺኦም ሰለ ዝደረቑ፡ ንኽልቲኡ ህዝቢ ብኵነት “ ኣይሰላም ኣይኵናት “ ወጢረሞ ኣለዉ። ስለ'ዚ ንሕና ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ንመርገጺ መመንግስትና ጉሲና፡ ንራኸብ'ሞ “ መዝሙር ሰላም “ እና ዘመርና ንዘቲ። ነኒ መንግስትና ኸኣ ጸቕጢ ንግበር እዩ ዝብል።

በዘን ክልተ ድርኺታት መሰረት፡ እቲ ጻውዒት ንዓይ ቀጥታ'ዩ ዝምልከተኒ። ኣነ ተራ ሰብ'የ። ሓደ ካብ'ቲ “ መዝሙር ሰላም “ ክዝምር ዝጽዋዕ ዘሎ፣ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ'የ። ስለ'ዚ ንጻውዒት “ መዝሙር ሰላም “ እቕበሎ ወይ ኣይቅበሎን መርገጽየይ ከነጽር ግድን'ዩ። ናይ ወገን ኢትዮጵያውያን ይጽንሓልና፡ ድሒረ ብዛዕባ ኣብ ጻውዒት “ መዝሙር ሰላም “ ነብሲ ወከፍ ኢትዮጵያዊ መርገጺኡ ከነጽር፡ ግዴታ ኣለዎ'ዶ የብሉን፡ ርእይቶይ ክህብ'የ። ብወገን ኤርትራ ግን. . .፡ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ'ዚ ጻውዒት ጭርሖ ን “ መዝሙር ሰላም “ ካብ ኣዲስ ኣበባ፣ መርገጺኡ ከነጽር ግድን'ዩ ብሃላይ'የ።

ቅድም ቀዳድም እዚ መርገጺ'ዚ፡ ናታይ ናይ ግሊ ርእይቶ ( opinion ) ምኳኑ የረጋግጽ። ካልኣይ ከም'ቲ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ወርሒ ጥሪ ቃላ መጠይቑ ዝበሎ፡ ነቲ ኣብ ዕድላት ምውሳን ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 40-50 ታት ማሕበረ ሰብ ዓለም ዝኸደሉ ቄናን መገዲ ሓዲግና፡ ዋላ'ውን ድሓር ንጉስ ሃይለስላሰን ደርግን ዘባኸንዎ ግዜን ዘዕመቝዎ ቅርሕንትን ሸለል ኢልና፡ ኣብ 1991 ተረኺቡ ዝንበረ ክይተጠቀምናሉ ዝባኸነ ዕድል ናይ 27 ዓመት ጥራይ'ኳ እንተ ርኢናዮ ዓቢ ዕንወት'ዩ።

ነቲ ክሳራን ዕንወትን፡ ኣብ ክንዲ ብጥቕልሉ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታትን ክልቲኣን ሃገራትን ብምባል ንሕፍሾ፡ ማለት ሓፈሻዊ ንገብሮ ግን፡ ምናልባት ብቐጥታ ኣብ ነነብስናን ስድራ ቤትና ኣመቓሪሕና ምስ እንድህስሶ'ዩ፡ ሕማም ስቓዩ ነጺሩ ዝልለየልና ኢሉ ስለ ዝሓሰብኩ፣ ብግልጺ ብተሞክሮ ግለይን ስድራ ቤትያን'የ ክዛረብ።

ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ መርገጽየይ ቅድሚ ኲሉ ንዓይ ዘእምንን ርትዓውን ክኸውን፡ ብሕልናይ'የ ተመባጺዐ። ዋዛ ኣይኮነን። ንሰላም ንዘምር ተባሂሉ ክትጽዋዕ ከለኻ ዘይምብኳር፡ ካብ ናይ መሬት ስጋዊ ሩፍትኡ ንላዕሊ፡ ቅዱስ ሰማያዊ ጻማ'ውን ኣለዎ። ሊቃውንቲ መራሕቲ ሃይማኖትና፡ ደጋጊሞም ከም ዝምህሩና፡ መዝሙር ሰላም ምዝማር፡ ካብ ኣምላኽ. . . ብፍላይ ንወዲ ሰብ ዝተዋህበ፡ መለኰታዊ ጸጋ'ዩ።

ስለ'ዚ ከም'ዚ ኢለ ሓሲበ።

ካብ ኤርትራ ወጻኢ ኣብ ሃገረ ጀርመን'የ ዘለኹ። ወትሩ ካብ ገዛይ ክወጽእን ናብ ገዛይ ክኣቱን፡ ስም ኣቦይ ኣምሪሑ ስመይ ዝተለጠፈ፡ ሳጹን ደብዳቤታተይ ከፊተ፡ ዝተላእከለይ መልእኽትታት ከይህሉ እፍትሽ። ኣምላኽ ይመስገን...! ከም ካልኦት ብዙሓት ነበርቲ ሃገረ ጀርመን፡ ሓድ ሕድ ብዝደራረብ ጻዕቂ ደብዳቤታት፡ ወጥሪ ናብራ Stress የብለይን። ድምር ዝልኣኸለይ ደብዳቤታት፡ ብዓመት እንተ ዝሰላዕ፡ ምናልባት ኣብ ወርሒ ሓንቲ ምኾነት። ስለ'ዚ..... ካብ'ተን ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ዝልኣኻለይ'ሞ፡ ንመሰረታዊ ጉዳያት ዕለታዊ ህይወተይ ከኣ ወሰንቲ ዝኾና ደብዳቤታት ሓንቲ፣ ካብ ጨራሕቲ " መዝሙር ሰላም " ንኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ዝተላእከት'ያ ኢለ ሓሲበ።

ካብ ክውንነት ዘይነቐለ መሕለም ( illusion ) ሓሳባት ኣይኮነን። ጨራሕቲ " መዝሙር ሰላም " ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ ኣዲስ ኣበባ፡ ንጻውዒቶም ቀዳማይ ተበጻሓይ ( ብቐሊሉ ክርከብ ዝኽእል ) ዒላማ ገይረሞ ዘለው፡ ኤርትራዊ ኣብ ወጻኢ ( ኤሪ ዲያስፖራ ) እዩ። እዚ ግዜ ድማ፡ ንመራኺቢ ብዙሓን ክሳብ ክንደይ ኣቕሊልዎን ኣቃሊልዎን ከም ዘሎ ንርእዮ ኣሎና። ኣቃሊልዎ መበልየይ..... መልእኽቲ ጨራሕቲ " መዝሙር ሰላም " ጻውዒቶም ብወረቐት ጽሒፎም፡ ኣብ ሰታሪት (ቦስጣ) ዓሺጎም፡ ቴምብር ብምልጣፍ፡ ንነብሲ ወከፍ ተበጽሓይ ክሰዱ ግድን ኣይኮነን። ናይ ታሪኽ ግዝይኡን ጽሕፍቶኡን ግዲ ኰይኑ፡ እዚ ህጹጽ ትውልዲ ዘበነ ሳይበር፡ ብፌስቡክ፡ ትዊተር፡ ኢመይል፡ ወ.ዘ.ተ. ዝተባህሉ፣ ናይ ኢንተርነት መስመራት መራኸቢ፡ ንስራሕ ምልእኣኽ ኣቕሊልዎ'ዩ። ክብደቱ ኣፍኲስሉ ማለተይ'የ።

ንኲሉ'ንትናዊ ስትራን ( privacy ) ግን ኣይከም ዘበነ ሰታሪትን ( ዘበነ ቡስጣ )። እዚ ዘበናዊ መራኸቢታት፡ መጠን'ቲ ብድምጽን ምስልን ኣብ ሓደ ቅጽበት ብቀሊል ዘራኽብ ምዃኑ፣ ክዱን'የ እናበልካ ዕርቃንካ ሓሊፉ ዝሰጥሕ ተኣፋፊ ከኣ'ዩ። ስለ'ዚ ድማ'ዩ፡ ነውራም ሓሳባትን ነውራም ምስልታትን፡ ናይ ሰባት ብቐሊሉ ኣብ ዓይነ እዝንና፡ ህሩግ.... እናበለ፣ ንማሕበራዊ ክብርታት ናይ ሰብ ኣቕሊልዎ ( ኣሕሲርዎ ወይ ኣፍኲስዎ ) ዘሎን፡ ግና'ውን ንዝገደደ ፍኹሰተ-ቅለት እና ተፈታተነ ዘሸቍርረና ዘሎ። ስለ'ዚየ ኣቕሊልዎ ዝበልኩ።

ህዝባዊ መራኸቢታት. . . . ብቐሊሉ ኣብ ኢድ ኲሉ፣ ቀሊልን ረዚንን ዝሓሳባቱ ሰብ ብማዕረ ክባጻሕ ብምኽኣሉ'ዩ፡ ሓደ ብመርኣያ ቅለት ዕብዳን፡ ካብ ውሱን ከባባ ተኻዒቡ ኣብ ውሱናት ካልኢት ክርሳዕ ዝነበሮ፣ ብስመ " ኣግኣዝያን " ዝዓፈረ ሰብ፣ እዚኒ ሓያሎይ ሰባት ዝኺሕኰሐን ልቢ ገርህኛታት ኣሰናቢዱ፡ ኣርእስቲ ዝኾነን። ስለ'ዚ ንርኾስን ቅዱስን ብማዕረ ዘተኣናግድ፡ መሳለጥያ ሳይበር፣ እንሆ ከኣ ሕጂ. . ነቲ ፍሉይ ጸጋ ኣምላኽ ብዓቢኡ. . . ክቡር ቃል ሰላም ሒዙ ኣብ በቤትና መጺኡና'ሎ።

እቲ ጻውዒት ን “ መዝሙር ሰላም “

ንዓና ነቶም..... ዋጋ ሰላም ህይወት ኣሸሓት ኣቦናን ኣዴናን ስኢንና፡ ሕቍፎን ሕንቃቐን ሓሪሙና፡ ዝዘኽተምና። ዋጋ ሰላም ወድናን ጓልናን ስኢንና፡ ፋርኄሎ ሓቍፍና ዝተረፍና፡ ጸሙዩና፡ ጥውርና ዝኸበደና። ዋጋ ሰላም ሰብኣይ ሰበይቱ፡ ሰበይቲ ሰብኣያ ስኢንና፡ ፍቕሪ ዝተዓንጸልና ሓዳር ዝተጉርሸና። ዋጋ ሰላም ሓው ሓውትና ስኢንና፡ መሳሕቕትን መቛይቕትን ዘይብልና፡ ካብ መኣዲ ናብ ብያቲ ጸሪና፡ ዝቍረርና። ዋጋ ሰላም እወ. . . . ግዳይ ድርብራብ ጾር ስንክልና ኬንና፡ ንእስነትና ኣብ መራኹስን ዓረብያታትን ስንኰላን ዘብለና. . . . ኤርትራውያን ምዃኑ. . . ፍሉይ‘ዩ። ፍሉይ !

እቲ ጻውዒት ን “ መዝሙር ሰላም “ ካብ ወገን‘ቶም. . . . እዚ ኹሉ ዋጋ ክንከፍል ዝገበሩ፡ ጉረቤት ኢትዮጵያውያን ምዃኑ ኸኣ፡ ነቲ ፍሉዩነት ብቐይሕ ድርብ መስመር ኣጕሊሕና ( heighlight´s ጌርና ) ክንምርምሮ፣ ካብኡ መርገጺና ከነነጽር ንዓና ንኤትራውያን ሕጂ ግዴታ ነብሲ ወከፍ‘ዩ ብሃላይ‘የ።

ካብ 1969 ክሳብ 1974 ቀዳመይቲ መኒስተር እስራኤል ዝነበረት ወይዘሮ ጎልድ ማየር፡ ንወጥሪ ኵናትን ወረ ኵናትን ብምምልካት፡ ሽግር ኣዕራብን እስራኤልን መዓስ‘ዩ ዝፍትሓ ዝብል ሕቶ ቀሪቡላ። ወይዘሮ ጎልድ ማየር. . . . “ ሰላም. . . . ዝወርድ ኣዕራብ ካብ’ቲ ንዓና (ንስራኤላውያን) ዘለዎም ጽልኢ ንላዕሊ ንደቆም ምስ ዘፍቅሩ’ዩ ” ኢላ መሊሳ።

Golda Meir Asked when she thought the Arab problem would be resolved, she said: ‘When the Arabs love their children more than they hate us.’ By Richard Cavendish

Published in History Today Volume 59 Issue 3 March 2009

ናይ ወይዘሮ ጎልድ ማየር መልሲ፡ ንነብሰይ ኣብ ታኼላ ሕሰም ውጹዓት ፍሊስጠማውያን ኣዕራብ ኣእትየ ክርእዮ’ንከለኹ፡ ፍጹም ብድዐ’ዩ። ኣብ ኵውንነት ኤርትራን ኢትዮጵያውያን ጉረቤትናን፡ እንተመጺኻ ግን፡ መልሲ ወይዘሮ ጉልድ ማየር ፍጹም ርትዓዊ’ዩ። ኢትዮጵያውያን ሊሕቃንን ( intellectual ) መንግስታቶምን፡ ካብ’ቲ ንኤርትራዊ ድሂኽካ ባሕረ መሬቱ ናይ ምውናን ህርፋኖም፣ ዝያዳ ንህይወት ናይ’ቶም ኣብ ውግእ ምስ ኤርትራ ዝኸፍልዎም ደቃቶም፡ ምስ ዘፍቅሩ’ዩ፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነባሪ ሰላም ዝወርድ። ኣርባዕተ ነጥቢ።

ርዱእ’ዩ. . .በታ ንኢትዮጵያውያን ትምልከት፡ ሓንቲ ካብ ድርብ ቀይሕ መስመር’የ ጀሚረ ዘለኹ።

ሕጂ. . . . ኣብ’ዛ ዘላ ህልውቲ ኵነታት ኢትዮጵያ፣ ጻውዒት ”መዝሙር ሰላም” ካብ ኣዲስ ኣበባ ንዓና ንኤርትራውያን፡ ወርቂ ዕድል’ያ። ንኢትዮጵያውያን ግን ዝያዳና፡- ምናልባት ካብ ኣልማዝ ዝልዕል ካልእ ማዕድን እንተሎ ኣይፈልጥን‘የ ፣- ንኢትዮጵያውያን እዛ ዕድል እዚኣ ከም ኣልማዝ’ያ።

እሞ’ኸ. . . . ጸዋዕቲ ” መዝሙር ሰላም ”፣- እዚ ንኤርትራ ወርቂ፡ ንኢትዮጵያ ኸኣ ካብኡ ንላዕሊ ኣልማዝ ዝኾነ ዕድል ናይ ግዜ፡ ወዝቢ ተኸሲትሎምን ብልቢ ክውፈየሉ ተመባጺያምን ድዮም ዝጽውዑና ዘለው. . . ? ከም’ቲ ዝበልዎ፡ ተበግሰኦም ብሓቂ ግላዊ እንተኾይኑ’ኸ. . ? ክልቲኡ፡ ማለት ኵናት ይኹን ኣይኵናት ኣይሰላም ይኹን፡ ካብ ንኤርትራ ዝያዳ ንኢትዮጵያ ከም ዝጉድኣ ተረዲእዎም’ዶ ይኸውን. .?

እዚ ንኢትዮጵያ ወጢርዋ ዘሎ ቅልውላው ከቢድ ሕርሲ፡ ምናልባት ካብ’ቲ ንኤርትራዊ ድሂኽካ ባሕረ መሬቱ ናይ ምውናን ህርፋን ንላዕሊ፣ ዝያዳ ንህይወት ናይ’ቶም ኣብ ውግእ ምስ ኤርትራ ዝኸፍልዎም ደቃቶም ዘኽብሩን ዘፍቅሩን፣ ኢትዮጵያውያን ዝቕልቀልሉ ፈላሚ መድረኽ ናይ ሰናይ ግዜ ዶኽን’ኸውን.?

ተስፋ እገብር. . .!

ደጊም. . . . ደቂ ደቀይ ኣብ ዝርእየሉ ደራጃ ዕድመ'የ ዘለኹ። ኣነ ኣብ ቊልዕነተይ ካብ ግዜ ንጉስ ሃይለ ስላሳ፣ ዳሓር ከኣ ኣብ ብጽሕነተይ ደርግ ናይ ዝተባህለ ሓለቓ ሰይጣውንቲ መንግስቱ ሃይለማርያም ካብ መርሕቲ ኢትዮጵያ፣ ብጀካ " በለው ግደለው " ሓውን ዓረርን ሞትን ሞቑሰልትን፡ ዝርኣኽዋ ቅንጣብ ናይ ሰላምን ኣንፈ ጽቡቕ ተስፋን፡ የላን። ሓንጎልን ጉልበትን ኵለንትና ብቕዓት ንእስነተይ፡ ከም ዝበዝሑ ሰባት ናይ ታሪኽ ግዝየይ፡ ብምግዳል'ዩ ተጠሪሱ።

ዳርጋ ድሕሪ ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመታት ምፍልላይ ግዝያት ገድሊ፡ ምስ ብዙሕ በሰላታት ውግእ፡ ናብ'ታ ካብ ዕድመ ምሽራፍ ስነይ ቊሩብ ክብ...ብ.! ምስ በልኩ ዝተፈልኽዋ ገዛና፡ ኣብ ናጽነት ግንቦት 1991 ተመሊሰ። ከም'ቲ ኣብ ላዕል ዝበልክዎ፡ ወለደይ . . . ካብ ሾመንተ ውላድ ከስዕኦም፡ ሸውዓተ ናብ ገድልን ስደትን ፋሕፋሕ ኢልና፡ ሓደ ሕሳስ ልደ ወዲ ጥራይ ሒዞም፣ ካብ መኣዲ ናብ ብያቲ ጸርዮም፣ ኣብ ዕብየቶም ጥውርና ከቢድዎምን ቊሪሮምን ጸኒሖሙኒ።

ናጽነት . . . ተስፋ መለሳ ጽቡቕ ግዜ ስለ ዘሕድሪሎም፣ ውህሉል ሕሰም ዝደወኖ ገጻቶም ፍሽኽታ'ኳ እንተ ዘይተፈልዮ፡ ደጋጊሞ'ም. . . . ኣብ ነብሰይ ዝነበረ በሰላታት ውግእ እና ረኣዩ ግን እነብዑ ነይሮም። ድሓር ምንጋር ስማት ስውኣት መጺኡ። ገዛና መስዋእቲ ምዕባየይ ሓወይ፡ መስፍን ኢሳቕ ምስ ተነግሩ፡ ንበሰላ ውግእ ናተይ ብጻጋ ተቐቢለሞ። እቲ ካብ ኵሉ ጽንዓት ዝሃቦም ግን፡ ኣብ ጉረቤትና እንዳቦይ ገብረመድህን ( እምባርዳእ ) መስዋእቲ ናይ ኣርባዕተ ድቆምን ሓሙሻይ ሰብኣይ ሃና ጓሎምን ምስ ተነገሩ'ዩ። ካብ'ታ ገዛ ካብ ዝወፈሩ፡ ሓሙሽተ ትንፋስ ዋላ ሓደ'ኳ ኣይተመልሰን።

ሽው. . . ኣቦይን ኣደይን፡ ነቦይ ገብረመድህንን ብዓልቲ ቤቶም ኣደይ ለትንክኤልን፡ ዝሃበ ጽሮት ምስ ዛንታ ብጹእ እዮብ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ እና ኣነጻጸሩ፣ ምቕሊ ንዝሃቦም ኣምላኾም ከየቊጥዑ፡ ብዛዕባ ጉድኣቶም በጨቕ..ቕ.! ምባል'ውን ገዲፈሞ። ወትሩ ኣብ ጸሎተ ምህላሌኦም ዘይተባትኽ ሓንቲ ምሉእ ሓሳባት ግን ነይራ። " ኣምላኽ ብእኡ ይኣኽለኩም፣ ንሱ ይኹን መፈጸምትኡ ይበለና " ትብል።

ኣቦይ ዳግም ክፋእ ኣይትርአ ኢልዎ ፈጣሪኡ፡ ቅድሚ ምብራዕ ዳግማይ ኵናት ኤርትራን ኢትዮጵያን'ዩ ዓሪፉ። ይውኣያ ኣደይ ግን፡ እቲ ኹሉ ምህላሌኣን ጾመ ጸሎታን እንታይ ኰይኑ ከም ዘይሰመረላ፡ ምስ ነብሳ ክሳብ እና ተሓሳሰበት፣ ምቕሊ ገድልን ውላድ ሓድግን ዝለኻኸመ ዳግማይ ውግእ ክትርኢ ጸኒሓ። ኣይጸናሕ. .!! ሕሳስ ልደ ውላዳ፡ ሓሙሻይ ዙር ሃገራዊ ኣገልግሎት ኰይኑ፡ ዳግም ኣብ ዘተባርዕ ኵናት ተጸሚዱ። ኣብ ርእሲኡ ካልእ ነደይ መዓንጣ ከብዳ ዝኾምተራ ጉዳይ ከኣ ነይሩ። መስዋእቲ ምዕባየይ መስፍን ሓወይ፡ ኣብ'ቲ 1978 ቀዳማይ ወራር ድርግ ንምምካት፡ ጉርሁ ስርናይ ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ መሬት ትግራይ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ውግእ ብምዃኑ፡ ክቡር ዓጽመ ስጋኡ ኣብኡ'ዩ ዓሪፉ ዘሎ።

ኵልና ከም ንዝክሮ ድማ፡ ካብ ሰነ 1992 ጀሚሩ፣ ወትሩ ምስ መዓልቲ ብዓል ስውኣት 20 ሰነ፡ ኣስከሬን ስዉኣት ፋሕ ካብ ዝበሎ ቦታታት ጉቦን ስንጭሮን፡ ተተላዒሉ ንዕኡ ኣብ ዝተኸለለ መቓብር ሓርበኛታት ዳግም ከም ዝዓርፍ እግበር ነይሩ'ዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ኣደይ ' ሓደ መዓልቲ ውን'ምበኣር እቲ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዘሎ፡ ከም ናይ ስዉእ ወደይ መስፍን ኣስከሬን ተላዒሉ፡ ናብ ኤርትራ ብምምጻእ፣ ሓመድ ሃገሩ ክለብሰ'ዩ ' ኢላ ሃረር እናበለት'ንከላ'ዩ፣ ዳግም ኵናት ዝተባርዐ። ሽው ኣምሪራን ናይ ልባን ረጊማ፦ " ኤህ. . ህ. ህ. ! ደኣ መልሰ ዜናዊ'ሲ። ቊስልኹም ኣይትሕከኹ ኢሉ'ባ ጉድ ገይርና " ብምባል።

ሽሕጣን " ቊስልኹም ኣይትሕከኹ "፡ ናብ'ቲ ሓደ ካልእ ጫፍ ናይ ጽልኢ ተጠምዚዛ፣ " ሕብሪ ዓይንኹም ባህ እንተ ዘይበለና'ኸ.... " ምስ ተባሃልና፡ ካብ'ቲ ውግእ ንላዕሊ ክሳብ ክንደይ፡ ልቢ ኤርትራውያን ከም ዘድመየትን ልቢ ለባማት ቊንጣሮ ኢትዮጵያውያን ከኣ ከም ዘሰንበረትን መቸም ፍሉጥ'ዩ።

ብዘይ ቀላዓለም ንዛረብ እንተልና ግን፡ ዋላ እዞም ሕጂ ጸላል ኤርትራ ረኺቦም ንግዝኣት መንግስቲ ወያነ ዝቃለስዎ ዘለዉ ብዓል ፕሮፌሰር ብርሃኑ ነጋ ከይተረፉ፣ ሽው '' ዓገብ. ብ. .! ምስ ኤርትራውያን ዘራኽበና ድንድል ፈጺምና ኣይነዕንዎ '' ኣይበሉን። ካብ ኵሎም'ቶም ሊሕቃንን ልሉያት ዝብሃሉን ሰባቶም፣ ውሑዳት '' ሕያዎቶም '' ኣስቂጠም'ዮም። ዝበዝሑ ግን. . . መለስ ዜናዊ '' ኤርትራውያን ሕብሪ ዓይኖም ባህ እንተ ዘይበለና'ኸ. . . '' ክብል'ንከሎ፣ ጽኑዕ ማሕተም መረጋገጺ ፍጹም ምብታኽ ሻዕብያን ወያንን'ዩ ኢሎም ስለ ዝኣመኑ ኣጣቒዐሙሉ'ዮም።

ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልክዎ፡ ንኤርትራዊ ድሂኽካ ባሕረ መሬቱ ናይ ምውናን ህርፋን፣ ልዕሊ ህይወት ደቆም ዘናፍቕ ሕማም ዝተዓዛዘሮም ሰብ ቀለ ኰናት፣ እቲ ውግእ፡ እንተኾነ ኤርትራ ብምሉኣ እንተዘይኰነ ከኣ ወደብ ዓሰብ ከምልሰሎም ይርሓሰና ኢለ'ሞ። ኣብ ከብሕታት ሬድዮ ኢትዮጵያ ብምውት ፋይል ተደርብዩ ዝነበረ፣ ኣረጊት ናስትሮ ናይ ደርጊ ኣይተርፍ ናይ ሃይለስላሰ ኣለልዒልካ፡ ድሮናታቱ ብምንጋፍ፡ '' ኦ. .ኦ .! ና ና ኦ. .ኦ .! ና ና '' ተባሂሉ። ከም ኣረጊት ዝብኢ ቀትሪ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ልይቲ'ውን ኣብ ጣሻታት ኣዲስ ኣበባ ተሸጉጠም ዝነበሩ፣ ኣረግቶት ደረፍቶም'ኳ ኣይተረፉን። ብዓል ጥላሁን ገሰሰ'ዶ ክትብል ማሕሙድ ኣሕመድ፡ ልክዕ ከም'ቲ ካብ ሓመደ ድሮና ዝተላዕለ ኣረጊት ናስትሮ፣ ብምርኰስ ተደጊፎምን መድሃኒታት ሕማም ሽኰርን ብዝሒ ደምን እና ወሰዱ '' ኣባርረው በለው ተገንጣይ ወንበዴ፡ ወደፊት በሉለት ይለዩለት። '' ብምባል፡ እንጉይ እንጉይ ኢሎም።

ብመንጽር ናይ'ቲ ንኤርትራዊ ድሂኽካ ባሕረ መሬቱ ናይ ምውናን ህርፋኖም፣ ፈጺሞም ዘየፍቅርዎ ህይወት. . . . ዳርጋ ሚእቲ ሽሕ ኢትዮጵያዊ ውላድ ከኣ ረጊፉ። ብግምት ኣይኰንኩን ዝዛረብ ዘለኹ፡ ኣብ'ቲ እዋን ኣዛዚ ናይ ሓደ ብርጌድ ካብ ክፍለ ሰራዊት ኣግኣዚ ዝነበረ፡ ክምር ድንጋይ ቤገምድር ዝዓዱ ኣምሓራይ ኮለነል ኣልበል ኣማረ፡ ውሽጣዊ ጸብጻብ ሚንስትሪ ምክልኻል ኢትዮጵያ ጠቒሱ ከም ዝበሎ፡ ድምር ኣብ ሰለስቲኡ ውግኣት ዝሞቱ ኢትዮጵያውያን 98,700 እዩ። ዝቝሰሉ ኸኣ 194,300 ። እቲ ኰናት ብወገን ኢትዮጵያ፡ ብጠቕላላ ክሳብ 300,000 ዓቕሚ'ዩ ሰብ በሊዑ።

ብወገን ኤርትራ ድማ፡ ክሳብ 20,000 ሰብ ዋጋ መስዋእቲ ስለ ዝተኸፍለ፡ ኵለን'ተን ኣብ ገድሊ ንናጽነት ዝተመኰርናየን ሕሰም ዋጋታት ሰላም፡ ከም ዘለውአን ስሒናየን። ዳግማይ ዝኽትምና፡ ዳግማይ ጽምዋን ከቢድ ጥውርናን፡ ዳግማይ ምጉራሽ ፍቕርን ምዕንጻል ሓዳርን፡ ዳግማይ ምስኣን ሓው ሓውትን ምቕራር መኣድን፡ ዳግማይ ምብላይ ንእስነት ኣብ መራኸስን ዓረብያታት ስንኰላንን ወ. ዘ. ተ.።

ኣቐዲመ ዝበልክዎ ክደግም። ሕጂ'ውን ደቂ ደቀይ ኣብ ዝርእየሉ፡ ኣንፈ ዕድመ ሽምግልናይ ኰይነ ክርእዮ እንከለኹ፡ ኣብ ቊልዕነተይ ንጉስ ሃይለስላሰ፡ ኣብ ብጽሕናይ መንግስቱ ሃይለማርያም ምስ ደርጉ፡ ኣብ ዕብየተይ ድማ፡ መለስ ዜናዊ ምስ ወያኔኡ፣ ካብ ሰለስተ መንግስታት ኢትዮጵያ፡ ብጀካ '' በለው ግደለው '' ሓውን ዓረርን ሞትን ሞቕሰልትን፡ ዝርኣኽዋ ቅንጣብ ናይ ሰላምን ኣንፈ ጽቡቕ ተስፋን፡ የላን።

እቲ ካብ ኵሉ ዘተሓሳሰበኒ ዘሎ ግን፡ ጭካነ ናይ'ቶም ውሑዳት መራሕቲ ኣይኰነን። ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ክበጽሕ ደገፍ ንጭካነ መራሕቶም፡ ናይ ምሁራትን ማእከላይ ደርብን ኢትዮጵያውያንን ስቕታ ናይ'ቲ ዝበዝሕ ህዝቢ ኢትዮጵያን'ዩ።

ክሳብ መዓስ'ከ. . . ?

ክሳብ መዓስ'ከ. . . .? ንዝብል ሕቶ ዝያዳ ኣጽንዖት ዝህቦ፡ ራሕቂ ናይ'ቲ ኣርባዕተ ወለዶ በጺሑ ዘሎ፣ መጀመርታ ናይ'ቲ ጭካነ'ዩ። ኣብ ኣርባዕተ ወለዶ ዝሓጸሮ ዘልኹ፡ እቲ ምጽብጻብ መረረ ከም ዘይኰነ ክስመረለይ ኢለ'የ። ምኽንያቱ ንሕና ኤርትራውያን፡ ምእንቲ ሰላም ብዝኸፈልናዮ ዋጋ፡ ብፍላይ ኣብ ርእሲ ኢትዮጵያውያን፡ ዝተጓናጸፉናዮ ሞራላዊ ልዕልናን ሞገስ ሰብኣዊ ክብርን፡ መማረቲ ከም ዘይንኸውን፡ ብኡ

መጠን ከኣ ሓዳጋትን እቕረ ብሃልትን ከም ንኸውን'ዩ ገይሩና። ወይ ብዙሓት ሰባት ከም ዝብልዎ " ንሕና ኤርትራውያን ረሳዕቲ ኢና " ንበል ድሓን።

ኣብ ርእሲ'ዚ. . . . መርገጽየይ ንጻውዒት " መዝሙር ሰላም "፡ ንጽሩን ርትዓውን ክኸውን፡ ካብ'ቲ ሓፈሻዊ " ክልቲኡ ህዝብታት ክልቲአን ሃገራት " ዝብል ልሙጽ ድግምጋም ወጺአ፣ ኣብ ግለይን ስድራ ቤተይን ዝተሞኰርክዎ ጭብጥታት ክድህሰስ ከም ዝመረጽኩ፡ ገሊጸ'የ። ስለ'ዚ ኣብ ልሳን ምሳሌታትና " ዘበን ውቤ " ብምባል፡ ጭካነ ንምግላጽ ዝትረተሉ፡ ናይ ብዓል ኣሉላን ካልኦት ድርጉኛታት ኣቤስንያን ግፍዒ ኣብ ምድረ ባሕሪ ገዲፍና፣ ካብ ፍልሚ ውልደት ኤርትራዊ ሃገራዊ ታሪኽ ንጀምር።

ካብ ተመኵሮ. . . እኖ ሓጎይ ( ኣቡኣ ነደይ ) በለምብራስ ዓስቡ ወዲ ታእዛዛ ክጅምር። እኖ ሓጎይ ኣቦይ ዓስቡ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ውግእ ዓድዋ 1896 ብትእዛዝ መኳንንቲ ሸዋ፡ ብቐንደም ምኒልክን ኢቴገ ጣይቱን ዝተባህሉ ሃጸይን ሰበይቱን ናይ ኢትዮጵያ፣ የማናይ ኢዶምን የማናይ እግሮምን ስለ ዝተቖረጹ፡ ልዕሊ ሰማንያ ዓመት ካብ ዕድመ ህይወቶም ሰንኪሎም ዝሕለፍዎ ወለዶ ፈለምቲ ሃገራዊ ታሪኽ ኤርትራ'ዮም። ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ. . . ምስ'ቲ ገለ ካብ ጸዋዕቲ " መዝሙር ሰላም " ኤትራትን ኢትዮጵያን፣ ኣምሓሩን ተጋሩን ኢትዮጵያውያን፡ ኣብ ሓድሕድ ምጕጥጣይ ታሪኽ ቅድመ መግዛእታዊ ደባት ዝሰትኮም ዘሎ ሓቅታት ኣተኣሳሲረ፡ ዛንታ እኖ ሓጎይ ዓስቡ ዝያዳ ክውከሶ'የ።

እኖ ሓጎይ ዓስቡ ግን፡ ብዙሓት ሰብ ቀደም ደቂ ደቦዚቶ ኣስመራ እፈልጥዎም'ዮም፣ ኣነ'ውን ጽቡቕ ገይረ ኣርኪበሎም'የ። ንኣድልዎን ጽልእን ኢትዮጵያውያን ነገስታት ኣብ ርእሲ ኤትራውያን ብዝምልከት፣ ሕሉፍ ሓሊፎም ነቶም ኣብ ውግእ ዓድዋ ዝማረኽዎም፡ ቀንዲ ወረርቲ ኢጣልያውያን፣ ከመይ ብዝኣመሰለ ሓልዮትን ምንክብኻብን፡ ክሳብ ንሳቶም ብእግሮም እና ኸዱ ነቶም ወረርቶም ኢጣልያውያን ግን ኣብ ኣባቕል ሰቒሎም፣ ብመገዲ ፈረንሳዊት ጂቡቲ ንዓዶም ንጥልያን ከም ዘፋነውዎም የዘንተው ነይሮም። እኖ ሓጎይ ዓስቡ ታእዛዝ ዝርከብዎም፡ ምሩኻት ኤርትራውያን ዓሳክር ጥልያን ግን ተፈልዮም፡ ሓሓደ ኢዶምን ሓሓደ እግሮምን ጕንዲ ኣንጺፍካ ብጕዘሞ ብምቕራጽ፡ ደም ፈሲስዎም ብሞት ከይዓርፉን ድምብልብል ኢሎም ብስቓይ ንኽነብሩን ከኣ፡ ቍስሎም ኣብ ዝፈልሐ ዘይቲ ተኣሊኹ ብተደራራቢ ቃንዛታት ከም ዝጠምም'ዩ ተገይሩ።

ኣደይ ዓመታት ድሕሪ ስንክልና ኣብኦም፡ ካብ ዝተወልዱ ኣኰታተይን ሓትኖታተይን ቦኽሪ'ያ። ቍልዓ ኰይና ኣብ መንጎ ኣቡኣን ካልኦት ሰባትን ዝንበረ ፍልልይ ከተገናዝብ ምስ ጀመረት ከኣ፡ ከም'ቲ ድሓር ንሕና'ውን፡ ሓቂ ንምፍላጥ ዘሎ ዳህሳስ ቍልዕነት ተወሲኽዎ፡ ነዴና ኣቡኣ ስለምንታይን መንን ከም ዝቖረጾ ብምሕታት ላሕ..ሕ.! ነብላ ዝነብርና፡ ትሓትት ምንባራ ፍሉጥ'ዩ። እታ መልሲ ካብ ኣዴና ናባና ሰጊራ።

" ነቦይ ዝቝረጽዎም ዓዲ ኣምሓራ'ዮም "

" ዓዲ ኣምሓራ'ኸ መን'ዮም. . .? "

" ዓዲ ኣምሓራ ደኣ ኢጠጵያ. . . . "

" ሰባት ድዮም ከማና. . . . . ? "

" ጨካናት ኰይኖም'ምበር ሰባት እወ . . . . "

" ጨካን ማለት እንታይ ማለት'ዩ . . . . . ? "

ነብሲ ወከፍ ወላዲ ኣብ ዕለታዊ ህይወቱ ዝምኮሩ ቀዳመይቲ ፈተነ፡ ሕቶ ቈልዓ መወዳእታ ከም ዘይብሉ'ዩ። ቈልዓ ሓቂ ክፈልጥ ካብ ዘለዎ ተፈጥሮኣዊ ህንጡይነት ( curiosity ) እዩ ኣጠጥቢቑ ዝሓትት። ምናልባት ኣብ ብዙሓት ስድራ ቤታት፡ ጉድለት ብቑዕ ግንዛበን ፍልጠትን ስለ ዘሎ ግን፡ ዳርጋ ብሓይልን ገኒሕናን'ና፡ ንቖልዓ ካብ ምሕታት ንኾልፎ። ብፍላይ ኣብ ከም'ቲ ኢድን እግርን ምቝራጽ ዝኣመሰለ ጭካነ፡ ዝልዓል ሕቶታት ግን፣ ወልደና ነቲ ተግባርን ተምሳል ፈጸምቱን ንቖልዓ ዝገልጽሉ፡ ቅቡል ኣመኽንዮ ( justification ) ስለ ዝስኣኑ ክኾኑ ኣለዎም፣ ንሕና'ውን ክሳብ ከም'ቲ ናታቶም፡ ብተግባር ነቲ ጭካነ ንምኮሮ፡ ብዛዕባ'ዛ ኢትዮጵያ ትብሃል ሃገር ብዙሕ ምልክት ሕቶን ስግኣትን ሒዝና ዝዓበና።

ኣብ ካልእ ርሑቕ ከይከድና፡ ድሕሪ'ቲ ቅድሚ ሰሙን መበል 28 ዓመቱ ዝብዓልናሉ ስርሒት ፈንቅልን ምሕራር ወደባዊት ከተማና ባጽዕን፣ ሰራዊት ብሰራዊት ስለ ዝተሳዕረ ጥራይ፡ ብክላስተርን ድርማስ ቦምባታት ፋሺሽትን ናይ ነፈርቲ ውግእ ኢትዮጵያውያን፡ ዝተፈጸመ ጨካን ቅብጸት እንዶ ንዘክር። ኣብኡ ሓደ ብፍርስራስ ነትጉ ተኸቢቡ፡ ብመርዛም ባሩድ ርሂጹ፡ ብደም ተዓሊሱ፡ ብንብዓት ጀርቢቡ፡ ኣብ ቅድም ዓይኑ ድፍእ..እ.! ዝበለ ሬሳ ወላዲት ኣደ እና ረኣየ፡ ምስ ብኽያት ገዓሩ " ንዓና'ሽ ክቐብሩና ድዮም..? " ኢሉ ዝሓትት ቈልዓ ካብ ግዳያት ቅብጸት ኣሎ። ኣጋጣሚ ኰይኑ. . . እስኪ ምስ ሓደ ቈልዓ፡ ካብ ደቅኹም ወይ ደቂ ደቅኹም ኰፍ ኢልኩም፡ ነዚ ስእሊ'ዚ ትርእዩ ኣለኹም ንበል።

" ባባ ማማ ነዚ ቈልዓ መን'ዩ ድም ክሳብ ዝወጽእ ሃሪምዎ. .? መን ከይቀብሮ'ዩ ፈሪሑ. .? ምቕባር'ከ እንታይ ማለት'ዩ. . . ሰብ'ዶ ከይሞተ እቕበር'ዩ. . . ? " ብዝብሉ ሕቶታት እንተ ዘጻድፍኹ'ሲ፡ እንታይ ዓይነት፡ ንቈልዓ ቂም ዘየሕድር፡ ቅቡል ኣመኽንዮ ዘለዎ መልሲ ክትህቡ ትኽእሉ።

ኣነ ናይ ብሓቂ'ዩ ዝገርመኒ። ኣብ ብምልኡ'ቲ ገድሊ ናጽነት ኤርትራ፣ ከም'ዚኦም ዓይነት ተግባራት ፍጹም ጭካነ፡ ተደጋጋሚ ኣብ ቅድሚ ዓይንና እና ተኸሰቱ፡ ኣምላኽ ኢዱ ስለ ዘንበረልና'ምበር ንዝማረኽናዮም ወተሃደራት ኢትዮጵያ ክንቀትል ዘይምህንዳድና፡ ዘገርም'ዶ ኣይኮነን. . .!?

እኳ ድኣ. . . ደራሲ ኣለም ሰገድ ተስፋይ ልቢ ተጋዳላይ ኣብ ትብል ጽሕፍቱ፡ ብጥበብ ቀሊምዎ ከም ዘሎ፣ ካብ ብራሾና ክፋሎ ማይ፡ ካብ መድህኒታትና መድሃኒት፡ ከምኡ'ውን ምቅሊት መጀነኒ ቍስሊ፣ ካብ ቍንጣሮ ስንቅና ኰላሶ'ኳ ትኾን ተኻፊልና እኽሊ፣ እና ሃብና ብፍጹም ርህራህን ቅጽበት ምሕረትን፡ ሰብ ሰላም ምኾንና'ና ኣርኢናዮም።

ሓደ ካብ'ዞም ሕጂ ብስም ኢህወአደግ ኣብ ዝልዓለ መንበረ ስልጣን ኣዲስ ኣበባ ዘሎ፡ ኣፈ ጉባኤ ባይቶ ኢትዮጵያ፡ ኣባ ዱላ ገመዳ ንኣብነት፣ ኣብ ውግእ ውሸጢ ኤርትራ፡ ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝማረኾም ኣሽሓት ምርኮኛታት ኰናት ኢትዮጵያውያን'ዩ። ምናልባት ኣብ'ታ " ብረትካ ኣውርድ። ኢድካ ንላዕሊ። " ተባሂሉ ዝተኣዘዘላ ፈላሚት ቅጽበት ምምራኹ፡ ዘይተቐትለ ካብኡ ዝድለ ወይ ክርከብ ዝኽእል ሓበሬታ፣ ክሳብ ዝህብ ከም ዝተናሕፈ ሓሲቡ ይኸውን። ባህርያዊ ኣብ ውትህድርና ዘሎ ሰብ ዝሓስቦ ሓሳብ'ዩ። ድሓር. . . ኣብ ቦታ ምርኮኛታት ኰይኑ፡ ምስ ነብሱ ክተሓታተት ዝገብረ፣ ጻንሖቱ ምስ ህዝባዊ ግንባር ኣብቂዑ፡ ደጊም ካብ ምርኮ'ውን ነጻ'ኻ ምስ ተባህለ ግን፡ ምስ'ተን ሽዑ " መሻርኽቲ " ወያነ ዲና ክንብለን፡ ወይ'ሲ " ኢደ ስርሓት ናይ ወያነ " ዝመበሩ ወድባት ኢትዮጵያ ተጸንቢሩ፡ ተጻይ ናይ'ቲ ተሰሊፍሉ ዝነበረ ስርዓት ደርግ ክቃለስ ወሲኑ።

ሕጂ'ውን ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ቃለ መጠይቑ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ዝበሎ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምድጋፍ ቃልሲ ኢትዮጵያውያን ካብ ማዕዶ፡ ግደ ናይ እምኒ ዋንጭፍ ጥራይ ኣይተሓጸረን። ክወግእዎ ንዝመጹ ኣማኢት ሰባት፡ ምስ ምምላስ ግላዊ ናጽነቶም ካብ ምርኮኛ፣ ብምርኮ ካብ ዝመንጠሎም ብረቶም፡ ተመሊሱ ብምሃብ፡ ከም ዝዓጥቅዎ'ዩ ገይሩ። ብዓቢኡ ግን ብፍጹም ርእሰ ተኣማንነት ኣብ ተወፋይነት ንሰላም

ኤርትራን ኢትዮጵያን ጸኒዑ፡ ብታንክን መዳፍዕን ኣሰንዩ፣ መስዋእቱ ክሳብ ምሉእ ኢትዮጵያ ማእከል ኣዲስ ኣበባ ቀጺልዎ።

ከም ባህርያዊ ግብረ መልሲ ናይ'ቲ ካብ ቍልዕነትና ዓይነ እዝንና ዝዳህሰሶ ሓቂ፡ " ወይለይ እምበኣር... ተዋጊእካ ንዝማረኽካዮ ሰብ'ሲ፡ ኢዱን እግሩን ኢኻ ትቑርጾ ዝብል ተዘክሮ ኣይተፈታተነናን "

ተመኲሮ ወይ ዛንታ ምቕራጽ ዓሳክር ጥልያን ነበር ኤርትራውያን፡ ናይ ብዙሓት ስድራ ቤታት ኤርትራ ተመኲሮ'ዩ። ብዛዕባ መግዛእቲ ጥልያን ኣብ ኤርትራ ትጉህ መጽናዕቲ ገይሩ ዝጸሓፈ ኣቶ ዘምህረት የውሃንስ፡ ብዛዕባ ተዋጽኦ ( መጠን ቍጽሪ ) ዓሳክር ጥልያን ኣብ ብሄራት ኤርትራን ኲነታቶም ድሕሪ ምምላስ ብስንክልና፡ ኣኣብ ከባብን ትውልዲ ዓዶምን፡ ዝዓመቑ ኣፍልጠ ከም ዘለዎ ርግጸኛ'የ፡ ንዝሰፍሐ መብርሂ ምውካሱ። ኣነ ቀደም ጽቡቕ ገይረ ከም ዝዝክሮን ድሓር ድሕሪ ናጽነት ከኣ ኣዐርየ ከም ዘረጋገጽክዎ ግን፡ ኣብ ደበዚቶ ካብ ዝንበሩ ቍሩጻት ዓድዋ ( ባሊዲ ) ትግረ ሳሆ ትግርኛ ኲይኖም፡ ካብ ሃይማኖታት ክርስትናን ምስልምናን'ዮም።

እዛ ክሳብ ድሓር " ደሴት ክርስትና " ብምባል ንጉስ ሃይለስላሰ ዝመጻደቖላ ዝንበረ ኢትዮጵያ እምበኣር፡ ነቶም ብሕብሪ ቍርበት'ኳ ፍጹም ዘይመሳሰልዋ፡ እሞ ኸኣ ቀንዲ ወረርቲ ኢጣልያውያን፡ ብፍሉይ ሓልዮትን ምንክብኻብን ንዓደም እና ኣፋነወት'ያ፣ ንኤርትራውያን ግን ጕጕሊላ ብምጕናይ ኢድን እግሮምን ዝቕረጸቶም። ክርስትያን'ዮም ኢላካ ንብዓል ኣቦይ ዓስቡ ብዘይ ምንሓፍ፡ ኣስላም'ዮም ኢላ ንብዓል ኣቦይ ሓጂ ብዛይ ምፍላይ፡ ብሓባር ኣቦይ ዓስቡን ኣቦይ ሓጅን፡ ኣቦ እኖ ሓጎታትና፡ ዝተሞከርዎ ጭካነ ፈላሚ ታሪኽ፡ ሱር ናይ'ዚ ድሓር'ውን ኲልና ብሓደ ዝደመናሉ፡ ዕጫ ሓደ ሃገርን ሓደ ህዝብን'ዩ። ኣብ ኣርባዕተ ወለዶ ብሓባር ካብ ምድማይ ዝዓቢ፡ ካልእ ደቂ ሓደ ልቢ ዝገብረካ ሰረተ እምነት ዘሎ ኸኣ ኣይመስለንን።

ዝገርመኩም... ከም'ቲ " ሕብሪ ዓይኖም ባህ እንተ ዘይበለናኸ.." ዝብል ናይ መለስ ዜናዊ፣ ቃላት ብድዐ፡ ንጉስ ሃይለስላሰ'ውን፡ ብጭርሖ " ኤርትራ መሬታ'ምበር ሰባ ኣየድልየናንዩ..." እዩ ዝለለሰ። ሓለቃ ደርግ መንግስቱ ሃይለማርያም ከኣ " ሽግር ኤርትራ ካብ ምንጩ ንምድራቕ... " ትብል፡ ናብ ብምሉኡ ህዝቢ ኤርትራ ኢድ ዘውጣውጠላ ፈሊጥ ነይራቶ። ቋንቋ ሓደ ልቢ ኤርትራውያን ግን፡ " ውግእን ወረ ውግእን ካብ ምንጬ ምድራቕ " ስለ ዝኾነ፡ ንደርግ ኣብ ኤርትራ ሰዒሩ ትም ኣይበለን። ተወፋይነቱ ንሓባራዊ ሰላም ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ቀጺልዎ።

ስለ'ዚ ሰራዊት ( ተጋዳላይ ) ኤርትራን ፖለቲካዊ መሪሕነቱን፡ በቲ ኣብ ነብሲ ወከፍ ስድራ ቤቱ ዝተመኲሮ፡ " ከም'ቲ ነቦን እኖን ሓጎታትና ዝወረዶም ንዝማረኽናዮ ክንቍርጽ " ኣይበለን። ከም'ቲ ንዕሽላትና ዘይነሓፈ ጭካነ ቅብጸት " ክንድብድብ " ኣይተሃንደደን። በዚ ምኽንያት... ስዓራይ ላዕለዋይ ኢዱ፡ ወይ ንሰላም ዝኸፈሎ ዋጋ፣ ኣቐዲመ ከም ዝበልክዎ፡ ብፍላይ ኣብ ርእሲ ኢትይጵያውያን፡ ሞራላዊ ልዕልናን ሞገስ ሰብኣዊ ክብርን'ዩ ኣጓናጺፍዎ።

እዛ ልዕልና'ዚኣ ኣመና ዘሕመመቶም ኢትዮጵያውያን ሊሕቃንን ( intellectual ) ግዳያት ተንኰሎምን፣ ገለ ነቓዕ ንምውላዕ ዳግማይ ኲናት ሃንቀው እብሉ ነይሮም። ንእሽቶ ሓደጋ ምስሕሓብ ዶብ ባድመ ተፈጢራ። ጕዳይ እጀታ ( ምድፍፋእ ደረት ) ብባድመ ኣይተጀመረን። ብባድማ ድማ ኣይከብቅዕን'ዩ። ምስ ኢትዮጵያ ጥራይ ከኣ ኣይኰነን። ብጕዳይ ደሴታት ሓነሽ ዝቕር ምስ የመን ተሰሓሒብና። ልክዕ ከም ጕዳይ ባድመ ኣብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ኬድና፡ በቲ ውሳነ... መንና ከሲቡ ? መንና ከሲሩ ? ብዘየገድስ ኲልና " ብሕጊ ዝተቐረጸት ኢድ ዳርጋ ዘላ " ኢልና ዓሪፍና።

እሞ. . . . ምስ ኢትዮጵያ ድኣ ስለምንታይ ተኻሪሩ ?!

ኣብ ምዝዛም እዚ ዳሕረዋይ ኣህላቒ ኵናት፡ 2000 ዓ.ም.ፈ. ተወሊዳ፣ ምስ ምፍራም ውዕል ኣልጀርስ፡ ልክዕ 13 ሚያዝያ 2001፡ ቦኽሪ ዓመታ ዘብዓለት ኣግኣዚት ጓለይ .... ዝመጽእ ዘሎ ሚያዝያ ጓል18 ዓመት ክትከውን'ያ። ክልተ ዓመት ቅድሚ ምውላዳ ካብ 1998፡ ሓደ ኢንተልና፣ ዝመጽእ ዘሎ ግንቦት መበል 20 ዓመት ዳግም ምብራዕ ውግእ ክኸውን'ዩ። 20 ዓመት ኣብ ሓድሕድ ሓለዋ ጠፋጠፕ፡ ኣብ ዋርድያ ቍምና።

ድሕሪ ናይ ኣዕራብን እስራኤልን፡ ብዓለም ደረጃ ካብ ዝነውሐ ሓድሕድ ናይ ምፍጣጥ ታሪኻት ወጥሪ፡ ብፍላይ ኣብ ከባቢና ናትናን ናይ ኢትዮጵያን፡ ካልኣይ ክኸውን ኣለዎ ኢለ እግምት።

ካብ መፋርቕ 1970 ክሳብ ፍርቂ 1990 ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ዝነበረ፣ ይስሓቕ ራቢን ዓመታት ወጥሪ ኣዕራብን እስራኤልን ካብ ዘተሓሳሰቦም፡ ብሓቂ ንዝግብኦ ስልማት ኖበል ሰላም ዝበቕዐ መራሒ ነይሩ። ይስሓቕ ራቢን '' ይኣክል ሓምሳ ዓመት ኣብ ውርድያ '' ብምባል፣ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ከም ብዓል ጎልድ ማየር፡ ድሕሪኡ ብዓል ናታን ያሁ ዝኣመሰሉ ኣኽረርቲ ዝኸድሉ፡ ጽልኢ ዝጽሕትር ፖሊሲ ፍልይ ዝበለ፡ ሓሳብ ሓሲቡ። ንእስነት ከደት ብዝብል፡ ኣብ ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ የቕርቦ ዝነበርኩ፡ ዓምዲ ተኸታታሊ ትረኻ ኣዘንተየሉ'የ። ኣቓልቦይ ዝሰሓበሉ ምኽንያ፡ ኣብ መበል 73 ዓመቱ ልክዕ ከም ወዲ ዕስራ መንእሰይ፡ ካብ'ቲ ልሙድ ወጻኢ ክሓስብ ብምኽኣሉ'ዩ። ብዙሕ ልሳናት ፈረንጂ ( out off the Box ) ብምባል ስለ ዝዘመርሉ። ራቢን. . . . ኣብ ውሽጢ እዮሩሳሌም ዝተወለደ ናይ መጀመርያ ካብ መራሕቲ እስራኤል'ዩ። ከም ቍልዓ ካብ ብዕሽሉ ኣትሒዙ ዝተሞከሮ ሕሰም ጽልኢ ኸኣ ይኸውን፡ ካብ'ቲ ልሙድ ጸቢብ ሳንዱቕ ወጥሪ፡ ወጻኢ ከም ክሓስብ ዝገበሮ።

ሓሳብ ጥራይ ግን ኣይኮነን። ብግብሪ. . . . ተባዕ ናይ ሰላም ዋጋ ክኸፍል ክሳብ መውዳእታ ደው. .ው.! ከም ዝበለ'ውን ኣርእዩ እዩ። ከም'ቲ ትብዓቱ ሞራላዊ ልዕልናን ሰብኣዊ ክብርን ዘይተጕናጸፉ፡ ኣኽረርቲ ግን፡ ብሓሳብ ክምጐትዎ ኣብ ቅድሚኡ ምቛም ስለ ዘርዓዶም፡ ብኣካለ ሰጋ ክውግድዎ መሪጾም። ኵር ተገልበጥ. . . . ኣብ መበል 73 ዓመቱ ከም መንእሰይ ተስፋ ብሩህ መጻኢ ፍሉይ ሓሳብ ዝሓሰበ ሽማግለ ሰብኣይ፡ ከም ወዲ 73 ዓመት ካብ ልሙድ ኣረጊት ኣተሓሳስባ ክላቐቕ ብዘይክኣለ፡ ወዲ 25 ዓመት ኢጋል ኣሚር ተቐቲሉ። ናይ ሰላም ሰብ እዩ'ሞ ኣምላኽ ኣብ ሕቝፉ ይቀበሎ።

እሞ'ኸ. . . . ? ? ?

እወ እሞ'ኸ. . . ? ኢትዮጵያውያን ጸዋዕቲ '' መዝሙር ሰላም '' ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ከም'ቲ ናይ ይስሓቕ ራቢን፡ ብርግጽ ካብ'ቲ ልሙድ ወጻኢ ዝሓሰቡን ክሳብ መወዳእታ ንሰላም ክውፈዩ ዘኽእል ሞራላዊ ብቕዓት ዘለዎምን ድዮም ?

ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ገለ ካብኣቶም፡ ካብ ዝተፈላለየ ቅሉዕ መርበብ ሓበሬታን ጋዜጣ መጺሔታትን ውሱን ኣፍልጠ ኣሎኒ። ምስ'ዚ ኢለዮ ዘለኹ መሰረት ተሞክረይን፡ ኣረኣእያይ ኣብ መሰረታዊ ስነ ሓሳባዊ ትንታነን ኣተኣሳሲረ ድማ፡ ኣብ ካልኣይ ክፋል ጽሑፈይ፡ ፍርደይ ክህብ'የ። መልሲ. . . '' ምስ መን'የ አዝሙር ሰላም ክዝምር ዝጽዋዕ ዘለኹ. . .? '' ንዝብል ሕቶ። ብፍላይ ኣብ'ዛ ሕቶ እዚኣ ግን፡ ባዕሎም ካብ'ቶም ኢትዮጵያውያን፡ መልሲ እንተ ዝረክብ ክንደይ ምምሓረ።

ክሳብ ሽው. . . . ኣብ'ዚ ኢለዮ ዘለኹ ኵሉ፡ ዘሎ ርኢቶን ሓሳባትን ክቕበል ድልዊ እየ። እኳ ድኣ ንምስፋሕ እቲ ክትዕ ደስ. .ስ.! እና በለኒ።

እታ ናይ መወዳእቲ ቍልፊ ጉዳይ፡ ጉዳይ ግዜ እያ። ከም’ቲ ኣብ መእተዊ ጽሑፈይ ዝበልክዎ ኢትዮጵያ. . . ሕጂ ከብድኻ ሓቝፍካ ኣብየት ኣብየት ክም ዝብሃለሉ ከቢድ ጥንሲ፡ ኣብ ቅልውላው ለይቲ ሓራሳት‘ያ ዘላ። እሞ ድኣ ኢትዮጵያውያን ምስ’ዚ ዓቢ ዘቤታዊ ቅልውላዎም ምስ ኤርትራውያን ” መዝሙር ሰላም ” ምዝማር ከመይ’ዮም ክስተኣናግድዎ. . . ?

ዓቢ ዓቢ ዓቢ ምልክት ሕቶ። ስለምንታይ ሕጂ ? ? ?

ምስ መልሲ ግምታትና። ድሓን የራኽበና። ክሳብ ሽዑ

**ኣምላኽ... ሓያል ይኽልክለልና። ናጽነት ሃገርና ኤርትራ ከኣ ይባርኽ...!**